# ዕላማ ማዕከን መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19)

EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA

STOCKHOLM, SWEDEN

ለበዳ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19) ኣብ ዓለምን ዞባናን ከስፋሕፍሕን ንሃገርና ከንጸላሉ ካብ ዝጀምር፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና፡ ከም ኣብ ኩሉ ፈታኒ እዋናት፡ ሎሚ'ውን ኣብ ጸግዒ ሃገሩን ህዝብን ብምዃን ዝከኣሎ ምድግጋፍ ክገብር ጸኒሑ እዩ። ኣብ ዝነበረሉ ዘሎ ሃገራት፡ ንገዛእ ርእሱ ኣብ ሓደጋ እናሃለወ'ውን፡ ብኩብ ዝበለ መንፈስ ሃገራዊ ሓላፍነት፡ ኣብ ኤርትራ ንዝነብር ህዝቡ ንምድሓን፡ ኣብ መዓላ'ዚ ዝውዕል ንዋትን ገንዘብን ንምውህላልን ንምልኣኽን ተበገሶታት ይወስድ ኣሎ።

እዚ እዋናውን፡ ኣገዳስን ተበግሶ'ዚ ንጥዕናን ድሕነትን ሃገር ቀሊል ዘይኮነ ኣበርክቶ ዝገብር ብምዃኑ፡ ክተባባዕን ክወሃሃድን ዝግባእ እዩ።

በዚ መሰረት፡ ኩለን ህዝባውያን ውዳቤታትን ማሕበራትን፡ ነዚ ተበግሶ ንምድራኽን ንምዕዋትን፡ ዝግብኦ ቀዳምነት ሂበን፡ ንጹር መደባት ሰሪዐን፣ ኣድማዒ ውዳበ ኣቘሚመን፣ ኣበርቲዐን ክሰርሓሉ ይግባእ። እዚ መደብ'ዚ፡ ክንዮ ገንዘባዊ ኣበርክቶኡ፡ ሓድነትን ተሳታፍነትን ህዝቢ ንምብራኽ'ውን ኣገዳሲ እዩ።

ኣብዚ መደብ'ዚ፡ እዚ ዝስዕብ ነጥብታት ንጹር ክኸውን የድሊ፥

1. እቲ ድለባ ገንዘብ፡ ንምምካት ለበዳ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19) ጥራይ ዝውዕል እዩ።
2. እዚ ውህለላ፡ **ERITREA FIGHTS COVID-19 FUND** ተባሂሉ ይጽዋዕ።
3. ቁጽሪ ሕሳብ'ዚ ውህለላ እዚ ዝስዕብ እዩ።

| Country | Account number | | Swift Code |
|---|---|---|---|
| SWEDEN | Nordea Plusgiro No. | **97 23 31-3** | |
| NORWAY | Nordea Bank-IBAN No. | **SE92 9500 0099 6026 0972 3313** | NDEASESS |
| DENMARK | Nordea Bank-IBAN No. | **SE92 9500 0099 6026 0972 3313** | NDEASESS |
| FINLAND | Nordea Bank-IBAN No. | **SE92 9500 0099 6026 0972 3313** | NDEASESS |

*ኣብ ግዜ ክፍሊት፡ ተመሳሳሊ ኣስማት ንምፍላይ ክጥዕም፡ ቁጽሪ ኤርትራዊ መንነት (ER ID) ምጽሓፍ ኣይትረስዑ።*

1. ኣብ ክንዲ ወይ ኣብ ርእሲ ገንዘብ፡ በበይኑ ንዋት ክስደድ ዝቐርብ ሓሳባት'ኳ እንተሎ፡ ንብዙሕ ምኽንያታት ኣጸጋሚ ስለ ዝኾነ፡ እቲ መደብ ኣብ ድለባ ገንዘብ ክሕጸር ኣለዎ።
2. ኣብ ርእሲ'ዚ ናብ ሃገር ዝቐንዐ መደብ፡ ኩለን ህዝባውያን ውዳቤታትን ማሕበራትን፡ ኣብ ዝሰርሓሉ ሃገራት ዝርከብ ህዝብና፡ ንነብሱ ካብ ሕማም ኮሮና ቫይረስን ቁጠባውን ማሕበራውን ሳዕቤናቱ ንኸከላኸል፡ ኣድላዪ መደባት ሰሪዐን ክሰርሓን የድሊ።
3. ኩለን ህዝባውያን ውዳቤታትን ማሕበራትን፡ ናይ ገዛእ ርእሰን መደባተን ኣወዳድባን ኣብ ምቛም ከይተሓጽራ፡ ኣብ መንጎ ሓድ-ሕደን ክወሃሃዳን ተመክሮ ክለዋወጣን ይግባእ።

ጥዕናን ድሕነትን ልዕሊ ኹሉ!!

ኤምባሲ ኤርትራ - ስካንዲናቪያ
ስቶክሆልም - 27 March 2020

ዓወት ንሓፋሽ!!